Refugee Council
help and advice

May 2008 English

# ኣብያተ ትምህርቲ ንቖልዑ - ንስደተኛታት ወለዲ ዝተዳለወ ሓበሬታ

- ኣብ ክሊ ዕድመ 5 ክሳብ 16 ዓመት ዝረከቡ ቆልዑ ናብ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ዕድሜኦም 3 ዓመትን 3 ወርሒን ዘእኸሉ ህጻናት ድማ ናብ መዋእለ ህጻናት ክኸዱ መሰል አለዎም። ስለዝኾነ ድማ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ሓለፍቲ ኣብያተ ትምህርቲ (local education authority - LEA) ንውላድኩም ዝኸውን ቤት ትምህርቲ ክትረኽቡ ክተሓጋገዘኩም እዩ።
- ህጻናት ናብ ቤት ትምፍርቲ ክኸዱ ብሕጊ ዝሕተት ረቋሒ ስለዝኾነ ውላድኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ምርግጋጽ ሓላፍነትኩም እዩ። ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ውላድኩም ትምህርቲ ዘይመሃር እንተሃልዩ ውላድኩም ወይ ንስኹም ኣብ ሽግር ክትወድቁ ትኽእሉ ኢኹም።
- ውላድኩም ብሕማም ምኽንያት ትምህርቲ ክኸይድ ዘይክእል እንተኾይኑ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ነቲ ቤት ትምህርቲ ክትሕብሩ ይግባእ።
- ኣብያተ ትምህርቲ ነናይ ነፍሲወከፈን ትምህርቲ ዝጅምራሉን ዝውድኣሉን ሰዓታት ኣለወን። ስለዝኾነ ውላድኩም ኣብ ናይ ንግሆ ሰዓታት ንምዝገባ ኣብ ግዚኡ ክርከብ ይግባእ።

## ንስኹምን እታ ቤት ትምህርትን

- ንናይ ውላድኩም መመሃራን ክትረኽቡን ብዛዕባ ዕብየቶምን ክትዘራረቡ ዕድል ክትረኽቡ፡ ናብቲ ናይ ምሸት ዝካየድ ናይ ወለዲ አኼባ ብምኻድ ኣብ ናይ ውላድኩም ናይ ትምህርቲ ህይወት ክትሳተፉ ብጣዕሚ ሓጋዚ እዩ። ከምእውን ኣብያተ ትምህርቲ ካብቶም ናይ ሰባት ናይ መራኸቢ ቦታታት ሓደ እዩ። እተን ኣብያተ ትምህርቲ ወለዲ ክመጽወንን ምስ ወለዲ ክዛራረባ ሕጉሳት እየን።
- ኩሉግዜ ውላድኩም ኣብ ገዛ ክሰርሖ ዝግብእ ዕዮ ገዛ ክወሃቦ እዩ። እንተኺኢልኩም ነዚ ዕዮ ገዛ ክሰርሑ ክትሕግዝዎምን ነዚ ዕዮ ገዛ ክሰርሑ ግዜ ክትፈልይሎምን ኣብ ግዚኡ ከምዝፈጸምዎ ድማ ከተረጋግጹ ይግባእ። እቲ ዝወሃብ ዕዮ ገዛ ውላድኩም ኣብ እዋኑ ዘየረከቦ ወይ ድማ ከይወደአ ዘረክቦ እንተኾይኑ፡ ምስ መምህሩ ኣብ ሽግር ክወድቅ ይኽእል ኢዩ።
- ንስኹም ወይ ውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ከሎ ሽግር እንተኣጋጢምኩም፡ ናይ ውላድኩም መመሃራን አስማት ክትፈልጥዎ ይግባእ። እቶም መመሃራን ድማ ዝኾነ ዘሎ ጸገም ከዘራርብኹም ሕጉሳት እዮም።

## ሕማቕ ጠባያት

- ውላድኩም እንተረቢሹ፡ ከም መቕጻዕቲ ተወሳኺ ስራሕ ወይድማ ዘይተወደአ ስራሕ ክውድእ ወይድም ንመምህር ክሕግዝ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከም ዝጸንሕ ክግበር ይከኣል እዩ። እዚ ድማ መቕጻዕቲ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ውላድኩም ክቕጻዕ እንተኾይኑ፡ እቲ መምህር ቅድሚ 24 ሰዓታት ኣቐዲሙ መተሓሳሰቢ ክሰደልኩም እዩ።
- ኣካላዊ መቕጻዕቲ ብሕጊ ዝተኸልከለ ስለዝኾነ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣይፍጸምን እዩ።

## መሳርሒ

- ውላድኩም ናይ ቤት ትምህርቲ ዲቪዛ ክመልስ ከድልዮ ይኽእል እዩ። ነዚ ክትገዝኡ ድማ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም– ነታ ውላድኩም ዝመሃረላ ቤት ትምህርቲ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ከምእውን ንኣካላዊ ትምህርቲ (PE) ዝኸውን ቕያር ክዳውንቲ ከድልዮም እዩ። እቲ ዝድለ ዲቪዛ ዘይተኸድኑ ተመሃሮ ድማ ንገዝኦም ከም ዝምለሱ ክግበር ይከኣል እዩ።



British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom

- ከምእውን ንውላድኩም ዝኸውን ቢሮ፡ ርሳስ፡ መደምሰስን መስመርን ዝአመሰሉ መሰረታዊ ዝኾኑ ናውቲ ጽሕፈት ከቕርብሎም ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ ውላድኩም ንመጻሕፍቲ፡ መትሓዚ ቢሮታትን ን PE ዝኸውን ቕያር ክዳውንቲ ክሕዘሉ ዝኽእል ቦርሳ ከድልዮ እዩ። ብዛዕባ ንውላድኩም ከተቕርብዎም ዝግበኣኩም ነገራት ብዝበለጸ ክትፈልጡ፡ ነቲ ቤት ትምህርቲ ክትውከስዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ምሳሕ

- እቲ ናይ ውላድኩም ቤት ትምህርቲ ኣብ ናይ ምሳሕ ሰዓት ንውላድኩም ውዑይ መግቢ ከቕርበሉ እዩ። እዚ ኣገልግሎት እዚ ዑቕባ ንዝሓቱ ህጻናት ብናጻ ይወሃብ። ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንኽትጽንሕ ፍቓድ ዘለካ እንተኾይኑ ድማ ነዚ መግቢ መግዝኢ ዝኸውን ገንዘብ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም— ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ ብኽብረትኩም ነታ ቤት ትምህርቲ ተወከስዋ። ከም ካልእ ኣማራጺ ድማ፡ ንውላድኩም ናብ ቤት ትምህርቲ ሒዝዎ ዝኸይድ ዝሑል መግቢ ከተዳልውሉ ትኽእሉ ኢኹም።

## ጉዕዞ ናብ ቤት ትምህርቲ

- ካብቲ ውላድኩም ዝመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ርሒቕ ዝበለ ቦታ ትነብሩ እንተኾንኩም፡ ነቲ ተውጽእዎ ናይ ጉዕዞ ወጻኢታት ክኸፍለልኩም ዝኽእል ሓገዛት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ዝበለጸ ሓበሬታ ክትረኽቡ ነታ ቤት ትምህርቲ ወይድማ ንናይ ኣከባቢ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

## ምብኣስ (Bullying)

- ብኣካል ይኹን ብቓል ዝግበር ባእሲ ሓደ ካብቶም ጎዳእቲ ጠባያት እዩ። ስለዝኾነ ውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ከምዚኦም ዓይነት ጸገማት ዘጋጥሞ እንትኾይኑ፡ ንውላድኩም ወይድማ ንመምህሩ ከተዘራርብዎ አገዳሲ እዩ። እታ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባዚ  ናይ ምብኣስ ጠባያት አመልኪታ ዘለዎ ፖሊሲታት ክትፈልጥዎን ነቲ ጸገም ምስታ ቤት ትምህርቲን መምሃራንን ኮንኩም ክትፈትሕዎን ፈትኑ። ከምእውን ንዓኹምን ንውላድኩምን ደስ ዝብለኩም ናይቲ ጸገም መፍትሒ ክሳብ እትረኽቡ ከይፈራህኩም ነቲ ጉዳይ ክትከታተልዎ ይግባእ። ዝኾነ ቅር ዝብለኩም ነገር እንተሃልዩ ድማ ምኽርን ሓበሬታን ክትረኽቡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓረንትላይን ፕላስ (Parentline Plus) በዚ ሲዒቡ ዝርከብ ስልኪ ቁጽሪ ደዊምኩም ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። 0808 800 2222

## ክንክን ቆልዑ

- ኣብ እትነብርሉ ከባቢ ኣገልግሎት ክንክን ቆልዑን ሓገዝ ስድራቤታትን ክህሉ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ እዞም ኣገልግሎታት ሓበሬታ ክትረኽቡ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት አገልግሎት ሓበሬታ ህጻናት (Children’s Information Service) ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ናይዚ ቤት ጽሕፈት ስልኪ ቁጽሪ ናብ ቻይልድኬር ሊንክ (Childcare Link) ብስልኪ ቁጽሪ 0800 234 6346 ብምድዋል ክትረኽቡዎ ትኽእሉ ኢኹም።